


ሳላ 'ታ ! ዓዋተ ዝባረኻ ጭራሮ መዓልቲ: ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣብተን ዝቐጸላ 10.950 መዓልትታት ፡ ከም ማእዶ ኣብ ሓደ ተጠሚሩ፡ ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከምዝሞተ ኢሉ ብሓባር ሳላዝነሰረ፡ ዓጽሙን ደሙን ከፊሉ ፡ ንርእሰ ሓያላን ስዒሩ ፡ ሽግ ናጽነት ዓቲሩ መሰስ ኢሉ ዝወጸ ዘይጽዓት ህዝቢ ኢዩ ::

ኤርትራ ግን... ተወሊዳ 'ምበር ንጭልገ ኣይበቕዐትን ፡ መርዓት ኣይኣኸለትን ፡ ገና ኣይተዃሕለትን ድማ

ሃገር ... መመሊስካ ትኾልዓን ተሐድሳን ናይ ዘንተእለት ርስቲ 'ያ
ሃገር ... እሾኻ ነቒስካ ቃንዛ እንተዘይ ኣፋኹስካላ
ሃገር ... ኩናትን ዋልታን ኳንካ እንተዘይ ተኻላኺልካላ
ሃገር ... ደጎላ ደሪዕካ እንተዘይ ኣማሙቕካያ
ሃገር ... ኣፍራዛን ማሕረሻን ኳንካ እንተዘይ ኣልሚዕካያ
ሃገር ... ብንጹህ ልብን ኣእምሮን እንተዘይ ኣፍቂርካያ

........ ሃገር ኣላትኒ ምባል ብላሽ ኢዩ።

ንምንታይ ሲ ማንቲለ ዘሊላ ዘሊላ ኣብ መሬት ከምዝበሃል ወዲ ሰብ ድማ ኣብ ዝከደ ይኺድ ትርግታ ልቡ ምስታ መበቆል ወለድኡ ዝኾነት መሬቱን ህዝቡን 'ያ ትሃርም።

ሃገር ኣላትኒ ንክትብል ንህላውነታ ሂወት ሰኹዕካ ብሂወት ምስተንብራ ጥራይ ኢዩ ። ምኽንያቱ ሃገር ወለዶታት ብቀጻሊ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ እናኸፈሉ ንዘልኣለም ዘንብርዋ ትወራረስ ርስቲ ህዝቢ ስለዝኮነት።

ሽግርን ጸበባን ድማ ዝሓልፍን ዝመጽእን መናብርቲ ወዲ ሰብ 'ዩ። ሎሚ ይርህወካ ጽባሕ ትሽገር ጸኒሑ ድማ ይርህወካ፡ ቀጻሊ መስርሕ ኢዩ ። ስለዚ ድማ 'ዩ ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ነናሓድሕዱ ክደጋገፍ ዝመረጸ። እንተኾነ ግን ኣብዛ ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ ዝብል፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝድርቑስ ምዕራባዊ ባህሊ እንዳዓብለላ ትኸይድ ዘላ ዓለምና ...

ኤርትራዊ ብኣንጻሩ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሉ ኾሊዑ ካብ ንስድራ ቤቱ ሓሊፉ፡ ንስድራ ቤት ስዉኣትን ንመኸተ ሃገርን ዘካይዶ ዘሎ ሓገዝ ህያው ምስክር ስልጡን ኤርትራዊ ባህሊ ኢዩ።

የግዳስ ንበይነይ ጥዒሙኒ ክነብር ይኽእል 'የ ብማለት፡ ሃገር ክትገብረሎም 'ምበር ክገብሩላ ዘይጽበዩ ካብ ማህጸና ዝወጹ ዉሑዳት ኣይተሳእኑን። እዚ'ኣቶም ግን ምስ እናሻዕ እናመጸ ዘሳቕ ሕልናዊ ወቐሳ ኢዮም ዝነብሩ።

ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ...
ንኤርትራ ቁጠባዊ ሓርነት ከጓናጽፉዋን ምእንቲ ክብራ ክብጀውላን ኣብ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ለይትን መዓልትን ተጸሚዶም እናረኣየ፡ ንዓይ ጥራይ ጥዒሙኒ ክነብር ይኽእል እየ ዝብል እንተሃልዩ የዋህ ጥራይ ኢዩ። ምኽንያቱ ወገንካ ተሸጊሩ እናሃለወ ደቂስካ ስለዘይሕደር። ከምቲ ሓንቲ መዓልቲ 'ላ ናጽነት ንርእየላ ብምባል መስዋእቲ ከፊልና ናጽነትና ዝጨበጥናያ፡ ሕጂ ድማ ሓንቲ መዓልቲ 'ላ ራህዋ ንርእየላ ... ንኺድ ጥራይ ንሰጉም... ።

ንህዝብን ሃገርን ኣበርክቶ ምግባር፡ ብቐንዱ ሕልናዊ ሩፍታ ዝፈጥር ቅዱስ ተግባር ኢዩ። ኣብዚ እዋን 'ዚ ብህዝባዊ ባህጊ ንሰላምን ልኡላውነትን ልምዓት ሃገር ተበጊሱ ዘሎ መደብ ህዝባዊ መኸተ፡ እጃምኩም ዘበርከትኩም ናይ ሕልና ሩፍታ ይሰማዕኩም። እቶም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ገና ዘይተሳተፍኩም ዘለኩም ድማ ምስ ህዝብኹም ክትምክቱ ይግባእ።

ቅድም ቀዳድም ሃገራዊ ድሕነት !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !
ዓወት ንሓፍሽ!

ብሙሴ ኣብርሃ
28 ሕዳር 2008 ጀርመን